# ኣይንርስዕን

እወ ኣይንርስዕን ዘይርሳዕ
ሰኽምናዩ ኣብቅድሚት ዝስራዕ
ድልዱል ኣልማዝዩ ዘይብሳዕ
ኮሪዕኻኻ ዝንገር ኣብ ኣድማስ ዝውላዕ

ገና ክንነግረሉ ክንዲ ዝገበረ
ትምኒቱ ክንኣግህድ ቅድሚ ዝኣገር
ኣብፅኑዕ ረጊፁ ፅንዓት ዝፈጠረ
ክብሩ ኣውሪዱ ዘርኢ ዘይቆፀረ

ሽግ ወሊዑ ድቕድቕ ፀልማት ዝፈንጠሐ
ሚልዮናት ክኢሉ ሚልዮናት ዝገንሐ
ድምፂ ኾይኑ ድምፂ ሰማእት ዘቓለሐ
ሓቂ ሒዙ ክሕደት ዘናሰሐ

ኣይንርስዕን እወ ሕልፊ ኣለና እንሕለፈሉ
ውዕለቶም ዘይትመን ንሕና ንውዕለሉ
ብዋሓዚ ደሞም ራሕሲ ዝተኸሉ
ፃምእ ዴሞክሲ ጥሙይ ዝዓንገሉ

ከመይ ኢልና ክንርስዕ ንምቃል ስጋና
ኣብ ፅኑዕ ረጊፁ ዘብረሀ ተስፋና
ማዓንጥኡ ኣስጢሙ ማዓንጣ ዘሕረረ ንቶም ካሓድትና
ብርቂ ነይሩ ብርቂታት ዝዘርአ ኣብ ምድርና

ሰላም ኢሉ ንሰላም ዘፍቀረ
ሕውነት ሃሪፉ ብዙሕ ዝፃዓረ
ንዓቕሉ ፀቒጡ ቶኽቶኽቲ ዘፀረ
ድኽነት ፀሊኡ ልቡ ዝቓሓረ

እወ ዘበት ኣይንርስዕን ሰብ ዕዳእንዲና
ናይ ኩሎም ጀጋኑ ዝገሹ ከክንዳና
ሰላም ኢሎም ሰላም ዘትረረፉልና
ድኽነት ክንጉሕፍ መቓብር ኩዒትና

ስንፍና ፀሊኡ ስንፍና ክቐርፍ

በሪ ዘነፀረ ጥውይዋይ ክንሓልፍ

ሚዛን ዝሓለወ ካብ ክልተ መፃድፍ

ወቕቲ ዘነፀረ ጉያ ክይዕንቀፍ

እዝንና ዕቡስዩ ንዒቕና ሓሰውቲ

ታሪኽ ዝሰገሮም ዘይከዱ ስጉምቲ

ውዒሎም ዘይሓድሩ ፈጢሮም ልፍንቲ

ኣርሻ መንጢሎም ክስብስቡ ሃፍቲቲ

ወያናይ ዴሞክራሲ ኣናሺዎም

ኔኦ ሊበራል ኣብ ነብሶም ከቲቦም

ግስጋሰ ኣዝጊሙ ተስፋ ድኻ ዘቕህም

ግዜ ዘይንብቡ ምስኡ ኣሪጎም

ዘበን ዝቐተለ ደርማስ ኣይዲዮሎጂ

ጎታቲ ንድሕሪት ዘይኾን ን ሕጂ

ዕዳጋ ብሒቱ ሽቕጥ መሐረጂ

ንድኻ ዘድኪ ዝተቐብረ ፈንጂ

ብርሃነ እየ

ኖርዌይ